# ኣብ ኖርወይ ካብ ዝነብሩ ተወለድቲ ትግራይ ዝተዋሃበ መግለፂ ሓዘን

ብ15/01/2004 ዓ.ም ዝሰማዕናዮ ንሙሉእ ህዝቢ ትግራይ ዘሕዘነን ዘደንገፀን ናይ ምሩፃት ደቁ ድንገታዊ መስዋእትነት ኣብ ኖርወይ ንንነብር ተጋሩ እውን ብሓዘን ኣናዊፁና እዩ። እዞም ኩሉ ጊዜ ልኡኽ ህዝቢን ውድብን ተሓንጊጦም ኣብ ሰላምን ኩናትን እዋኑ ዝጠልቦ መባራበሪን መሀደሲን ንህዝብና ዘቕርቡ ዝነበሩ ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ህ.ወ.ሓ.ት ብድንገትን ኣዝዩ ብዘጉህይን ኩነታት ከምዙይ ክፍለዩና ከለዉ ብቐሊሉ ዘይወፅእ መሪር ሓዘንን ሕራነን እዩ ተሰሚዑና።

እዛ ዕለት እዚኣ ንህዝብና ድሕሪ ደብዳብ ሓውዜን ዝበፅሓቶ ካልኣይቲ መራር ሓዘን እያ ኢልናውን ንወስዳ። እዞም ጀጋኑ ቃልሲ ህዝብና ዘጥረዮም ከየንትና ህዝብና እንትሓዝን ዘተሓዛዘንዎ፣ እንትቃለስ ዘበረታትዕዎ፣ ፈተናታት እንትገጥሞውን ወኒኡ ዘሕድሱሉ ከምኡውን እንትሕጎስ ሓጎሱ ንኽገልፅ ጥበቦም ዘወፈዩሉ ምሩፃት ደቁ እዮም ነይሮም።ድሕሪ ዓወት እውን ተኾነ ንኣባላት ጉጅለ ባህሊ ትግራይና ናይ ዕረፍቲን ድቃስን ጊዜ ኣይነበረትን- የግዳስ ናብ ካሊእ ናይ ፀረ-ድኽነት ቃልሲ ማርሺ መቐየሪት እምበር።

ብዝኾነ እዞም ካብ ፀልማት እስካዕ ብርሃን ኣብ ጎኒ ህዝቦም ኮይኖም ግቡኦም ዝዋፅኡ ዝነበሩ ብዓል ጋኖ፣ለተመስቀል፣ሃንደበት፣ሀይለ፣ብርሃነን ካልኦት ተተካእቲ መናእሰይ ሀርበኛታትን ዳግም ብኣካል ከይረኽቡና በዛ ዕለት እዚኣ ናብ ቶም በዜማታቶም ኩሉ ጊዜ ዝዝክርዎም ቀዳመዎት ክቡራት ስዉኣትና ተፀምቢሮም ኣለዉ !!!

እዚ ታብኮነ ነዞም ስዉኣት ብፆት ንስድሮኦም ብምሕጋዝን ዓላምኦም ኣፅኒዕና ብምሓዝን ንደብሶም እናበልና ብፍላይ ንስድራ ስዉኣት ብሓፈሻ ንህዝቢ ትግራይን ፅንዓት ይሃብኩም ንብል !!!

ክብሪን ሞገስን ንስዉኣትና !!!